# ኣብ ገዛ ፅንሑ ብዘይካ ንመሰረታዊ ድልየታት

## ምምሕዳር ኮሎራዶ ምስፍሕፋሕ ኮቪድ-19 ጠጠው ንምባል ኩሉ ሰብ ኣብ ገዛ ክፀንሕ ኣዚዙ ኣሎ።

### "ኣብ ገዛ ፅንሑ" ማለት እንታይ ማለት እዩ?

ኣብ ውሽጢ ገዛኹም ፅንሑ ንኣገደስቲ ንጥፈታት ጥራሕ ድማ ውፁ። ንኣገዳሲ ምኽንያት ክትወፁ ግዴታ እንተኾይኑ፣ ማሕበራዊ ምርሕሓቕ ተግብሩ።

### ካብ ገዛይ ክወፅእ ዶ ይኽእል?

**እወ፣ ነዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ጥራሕ፥**

- ከም ኣስቬዛታት፣ ምግቢ ንከልብኹም ወይ ጋዝ ዝኣመሰሉ መሰረታዊ ቀረባት ምምፃእ
- መድሓኒት ምምፃእ ወይ ከዓ ሕክምናዊ ክንክን ምርካብ
- ዘመድ ወይ ከዓ መሓዛ ምክብኻብ
- ንኣገዳሲ ስራሕ ናብ ስራሕ ምኻድ
- ንኣካላዊ ምንቅስቓስ ወይ ከዓ ንፁህ ኣየር ንምርካብ ንደገ ምውፃእ - ኣብ መንበሪኹም ካብ ዘይነብሩ ሰባት እንተነኣሰ 6 ፊት ( 2 ሜትር) ርሒቕኩም ክሳብ ዝፀናሕኹም ግዘ

### ክፍቲ ዝኾነ እንታይ እዩ?

- ኣስቬዛ፣ ምግቢ ባንክታት
- ቤት ምግቢታት ኣውፂኻ ንምብላዕ፣ ምብፃሕን ድራይቭ ስሩን ጥራሕ
- መዕደሊ ነዳዲ
- ፋርማሲታት
- ባንክታት፣ ማሕበራት ልቓሕን፣ ካልኦት ፋይናንሳዊ ትካላትን
- ካልኦት መሰረታዊ ቢዝነዛት

### ዝተዓፀወ እንታይ እዩ?

- ብኣካል ህዝባዊ ወይ ከዓ ግላዊ ዝኾኑ ዓይነት ምስብሳባት ምስ ካብ መንበሪኹም ወፃኢ ዝነብሩ ሰባት
- ምጉዓዝ፣ ብዘይካ መሰረታዊ ግልጋሎታት ወይ ከዓ ሕክምናዊ ክንክን ንምርካብ
- ናይ ፀጉሪን ፅፍሪን ሳሎናት
- ድንኳናት ንቅሳት
- ጂምን ማእኸላት መዘናግዒን
- መፃወቲ ሜዳታት

### እዚ ትእዛዝ ንክደይ እዋን እዩ ክፀንሕ?

እዚ ትእዛዝ ኣብዚ ሕዚ እዋን ክሳብ ሚያዝያ 11 እዩ ተቐሚጡ። ነገር ግን እዙይ እቲ ኩነት ኣብ ዝተቐየረሉ እዋን ንለውጢ ዝተቃለዐ እዩ።

**ንዝርዝር ትእዛዝ ክንክን ጥዕና ኮሎራዶ፣ ናብ 211 ደዉሉ ወይ ከዓ ናብ COVID19.Colorado.gov ኪዱ**

**እጃምኩም ብምውፃእኹም ነመስግን!**

እዋናዊ ሓበሬታ ንምርካብ፣ **AuroraGov.org/COVID19** ጎብንዩ